03.10.2019

# ላምፐዱሳ

ማእከላይ ባሕሪ ደሴት ላምፐዱሳ፡ ኢጣልያ
እናማዕደኺ ተሕልፊየን መራክብ ዚዝንብያ።

ገያሾ ተእንግዲ ኣብቲ ደርማስ ማያትኪ
ተስንቕዮም ዓሳ ምስ ኵሉ ባህርያዊ ጸጋኺ።

ተሳልይየን’ወ ክሳብ ዝበጽሓ ዝደለይኦ መእለያ
እንታይ ደኣ ወረደኪ ኣብ 3 ጥቅምቲ ዘይገበርኪ ንሕስያ
ኣጋይሽ ዘየዕቈብኪ ዝሃደሙ ካብ ግፍዒ ብማእለያ፤

ኣንጊሆም ዝገስገሱ፡ ተስፋ ሰኒቖም
እግሪ ተኸሎም ወዶም ጓሎም
ኣብ ማህጸን ዝማሞቐ ዕሸሎም
ዘኽታሞም፡ ነፍሰጾር እንተላይ ኣቡኦም፡
ስድራ ከይነሓፍኪ ወሲድኪዮም
ደቂ ሓንቲ ማህጸን ውሒጥኪዮም።
ተዋሓስና ዝበሉኺ ተቘጢዕኪዮም
ኣብ ጽሙው ብነድሪ ሃዲንኪዮም
ኣብ ኣጋ ዓወቶም ከቲርኪዮም።

ጒራዙ እወ ጒራዙ ንቡር ዝሰኣና ከይናበራ ብሞያ
ለይለይ መናእሰይ፡ ዝሰኣኑ ኣላይ ዝኸውን ኣያ
ዘየሳገርኪዮም ኴንኪ ድንድል መናሃሪያ።

ብቐዝሒ ውሒጥኪዮም
ዋና ዘይብሎም ዘሪኺዮም፡
መሬት እናርኣዩ ሹት ትሓልፉ ኢልኪዮም፡
ደቂ ሓንቲ መሬት ምኳኖም ኣለሊኺ
ኪዳን ኣሲርኪ ምስ ጨቋኒኦም፡ ምስ ጠላሚኦም።

ገና ኣየዕረፉን ይዝንቢ’ዩ ዘሎ መንፈሶም
ግደ ህሉዋት’ዩ ከነዕርፎ ሬሳኦም
ንሶም ክዓርፉ፡ ክቐስኑ ስድርኦም
ፍታሕ ክንገብረሉ ጠንቂ መጥፊኢኦም።

ጽንዓት ንግዳያት ስድራ ቤትን ፈተውትን

– ኣልጋነሽ ተወልደ